

# ሰላም

“We must be the change we wish to see.” Gandhi





## ፕረሲደንት ሑስኒ ሙባራክ ካብ መሪሕነት ናይ ሃገራዊ ሰልፊ ዲሞርክራሲ ከም ዝወረደ ተገሊጹ



ህዝቢ ኣብ ካይሮ ጸረ ሙባራክ ኣንዳ ፈከረን ባንዴራ እንድ ኣንበልበለን እንከሎ

ን30 ዓመታት ኣብ ግብጺ በትሪ ስልጣን ጨቢጦ ከማሓድር ዝጸንሐ ፕረሲደንት ሑስኒ ማባራክ፡ ድሕሪ ናይ 12 መዓልታት ህዝባዊ ተቓውሞ፡ ካብቲ ንሱ ዝመርሖ ገዛኢ ሰልፊ ክወርድ ምኻኑ፡ ናይታ ሃገር መንግስታዊ ቴሌቪዥን ብቐዳም ምሸት ሓቢራ።

እቲ ዘወጸ ሓበሬታ ከም ዘረድኦ፡ ናይታ ሃገር ሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ጀማል ሙባረክ ን(ወዱ ንፕረሲደንት ሙባራክ) ጸሓፊ እቲ ሰልፊ፡ ሳፍዋት ኤል-ሻሪፍን ሓዊስካ 6 ላዕለዎት መራሕቲ ፖለቲካ እቲ ሰልፊ፡ ብኻለኦት ከም ዝተተክኡ ተሓቢሩ ኣሎ። ፕረሲደንት ሙባራክ፡ ኣብዚ ዝመጽእ መስከረም ዝካየድ ፕረሲደንታዊ መረጻ ከም ዘይሳተፍውን ኣቐዲሙ ተገሊጹ ነይሩ እዩ።

እዚ ፖለቲካዊ ውሳኔ እዚ፡ ነቶም ኣብ ከተማታትን ጎደናታትን ግብጺ ወጺኦም፡ ተቓውመኦም ከስምዑን መስዋእቲ ክኸፍሉን ዝቐነዩ ግብጻውያን፡ ዘሐጎሰን ተስፋ ዝሃበን እኳ እንተኾነ፡ ፕረሲደንት ሑስኒ ሙባራክ፡ ካብ ስልጣኑ ሕጂ ክወርድ ተቓውመኦም ካብ ምስማዕ ግና ኣየቃረጹን ኣለዉ።

ኣመሪካ፡ ካናዳን መንግስታት ሕብረት ኣውሮጳን፡ ኣብ ግብጺ ፖለቲካ ስልጣን ምርኽኻብ ክግበር፡ ጸቕጢ ክገብራ ጸኒሐን ኣለዋ። ሑስኒ ሙባራክ ግና ክሳብ ሕጂ ስልጣኑ ኣይለቐቐን ኣሎ። ግብጻውያን እቲ መሪሕነት ብሙሉኡ ክእለ ድሌት ከምዘለዎምውን ብዝተፈላለየ መንገዲ ይገልጹ ኣለዉ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ንብዙሓት ግብጻውያንን ምዕራባውያንን፡ ናይ ፕረሲደንት ሑስኒ ሙባራክ ምውራድ ዘይኮነ፡ ፖለቲካዊ ስልጣን ናይታ ሃገር መን ይረከቦ ዝብል ሕቶ ኣሸቒልዎም ኣሎ። ኣብቲ ዝካየድ ዘሎ፡ ጸረ መንግስቲ ህዝባዊ ማዕበል፡ ተለጣፊ ሓይሊ ኰይኑ ዘሎ፡ ብራዘርሁድ ዝበሃል ተቓዋሚ ግጅለ፡ ስልጣን ከይ ጭብጥ ስግኣታት ኣሕዲሩ ኣሎ። እቲ ሰልፊ ብናይ ምስልምና ሃያማኖት ዘኽርር፡ እታ ሃገር ብሸሪዓ ክትመሓደር ዝደሊን ህላውነት ናይ እስራኤል ዘይቅበል ምኳኑ ይፍለጥ።

ብዙሓት ናይ ማእከላይ ምብራቕን ምዕራባውያንን ተንተንቲ ፖለትካ፡ ግጅለ ብራዘርሁድ፡ ኣብ ስልጣን እንተ መጺኡ፡ ነቲ ግብጺ ምስ ኢስራኤል ኣብ 1979 ዝፈረመቶ ናይ ሰላም ውዕል ከፍርስን፡ ነታ ሃገር ምስ ኢስራኤል ኣብ ኰናት ከእትዋን ይኽእል እዩ ክብሉ የተንብሁ ኣለዉ። እዚ ከኣ ንግብጺ፡ ነቲ ከባቢን ዓለምን ጽቡቕ ከም ዘይኮነ ርዱእ እዩ።

ፕረሲደንት ሑስኒ ሙባራክ ስማዊ በዓል ስልጣን ኰይኑ ክቕጽል፡ እታ ሃገር ከኣ ብሓላፊ ናይ ጸጥታ ዝነበረ ምክትል ፕረሲደንት ኰይኑ ዘሎ ዕማር ሱሌማን እንዳ ተመሓደረት፡ እታ ሃገር ኣጓኒፍዋ ዘሎ ፖለቲካዊ ቁልውላው ናብ መረጻ ከሰጋግራ ትጽቢት  ይግበር ኣሎ።

እዚ ኣብ ሃገራት ዓረብ ተላዒሉ ዘሎ፡ ጸረ መንግስቲ ዝኾነ ህዝባዊ ማዕበላት፡ ብቱኑዝያ ጀሚሩ። ነታ ሃገር ን 23 ዓመታት ዝገዝኣ ፕረሲደንት ዘን ኣል-ዓቢዲን ዓሊ፡ ድሕሪ ናይ ሰሙናት ህዝባዊ ተቓውሞ፡ ብ 14 ጥሪ ስልጣኑ ራሕሪሑ ናብ ሱዑዲ ዓረብ ሃዲሙ። ኣብታ ቱኑዝያ ብተፈጥረ ናዕቢ፡ ልዕሊ 200 ሰባት ሞይቶም 500 ቆሲሎም ኣለዉ። ኣብ ግብጺ ድማ፡ 300 ዝኾኑ ሰባት ከምዝሞቱን 600 ዝኾኑ ድማ ከም ዝቘሰሉ ትካል ውድብ ሕቡራት ሃገራት ይገልጽ።

እቲ ብቱኑዝያ ጀሚሩ ናብ ግብጺ ዝተባርዐ ህዝባዊ ናዕቢ፡ ኣብ የመን፡ ሱዳን ጆርዳን ካለኦት ሃገራት ዓረብውን ብሸፈል ከም ተላዓዒለ ይፍለጥ እዩ።

## ኣብ ህይስተን፡ ሽማግለ ኮሚሽን ንምቛም ህዝባዊ ጻዊዒት ቀሪቡ

ኣርማ ኮሚሽን

ንሰንበት ዕለት 6 ለካቲት 2011፡ ሓንቲ ጨንፈር ሽማግለ ናይ ሃገራዊ ኮሚሽን ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምቛም ኣብ ህይስተን ህዝባዊ ኣኼባ ክካየድ ምዃኑ ተሓቢሩ።

ኣብቲ ኣብ CHRIST CHURCH Presbyterian ኣድራሻ፡ 5001 Bellaire Boulevard, Bellaire, Texas 77401 ሰዓት 3፡00 ድሕሪ ቀትሪ ዝካየድ ኣኼባ፡ ተሳተፍቲ፡ ኣባላት ክምዝግቡን ሽማግለ ከቑሙን ትጽቢት ተገይሮም ኣሎ። ነቲ ኣኼባ ተዋሃህድ ኮሚተ፡ “መብጽዓና ነሐድስ” ኣብ ትሕቲ ዝብል ዝወጸኣቶ ጽሑፍ፡ ኣብቲ ናይ ሃገርና ተፈጢሩ ዘሎ ወሳኒ ፖለቲካዊ ሃዋሁዉ፡ ህዝቢ ብኩሉ መዳይ ተሳቲፉ፡ ብዛዕባ ጉዳይ ሃገሩን መጻኢ ዕድሉን ባዕሉ ወናኒን ወሳኒን ክኸውን ከምዘለዎ የረድእ።

እታ ጽባሕ ትቐውም ሽማግለ፡ ዕላዊት ወኪል ናይ ሃገራዊ ኮሚሽን ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ኰይና ምስ ህዝቢ ህይስተን ንጥፈታታ ናይ ኮሚሽን ከተሰላስል እያ።

ሃገራዊ ኮሚሽን ንዲሞራስያዊ ለውጢ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ካብ ሓምለ 31 ክሳብ 9 ነሓሰ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ብዝተኻየደ ሃገራዊ ዋዕላ ብ 53 ኣባላት ዝቘመት ኮሚሽን እያ። ዛጊት ኣብ ዝተፈላለየ ከተማታት ከባቢ 60  ዝኾና ጨናፍር ሽማግለታት ኣቑማ ኣላ። ዓመት ኣብ ዘይመልእ እዋንውን፡ ሃገራዊ ጉባኤ ከተካይድ ትጽቢት ተገይሩላ ኣሎ።

እቲ፡ ኣብዚ ተጠቒሱ ዘሎ፡ ኰሚሽን ንሙቛም ዝእከብሉ ቦታ፡ ካብዚ ወርሒ'ዚ ጀሚሩ፡ መወዳእታ ሰንበት ናይ ነፍሲ ወከፍ ወርሒ፡ ካብ ሰዓት 4፡ ናይ ድሕሪ ቀትሪ ንድሓር፡ ናይ ኤርትራውያን መራኸቢ ቦታ ከምዝኸውን ተፈሊጡ ኣሎ።

ኵሉ ኤርትራዊ፡ ብፍላይ ድማ፡ ናይታ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዝተመስረተት ናይ ኤርትራውያን ኣሜሪካውያን ማሕበር ኣባላት ኰይንኩም ክትነጥፉ ትደልዩ ህይስቶናውያን፡ ተዓዲምኩም ኣለኹም።

# ገበን ብገበን ኣይድምሰስን እዩ

ኣብ ዝሓለፈ ግንቦት 2010 ዓ.ም.፡ ኣብ ህይስተን ዝቕመጡ ገለ ደገፍቲ ስርዓት ህግደፍ ንኣዳላዊ ጋዜጣ ሰላም ቴድሮስ መንግስቱ ከምዝወቕዕዎ ዝዝከር እዩ። እቶም ነቲ ገበን ዝፈጸሙ ብዙሓት እዮም። ነቲ መውቃዕቲ ዘበጋገሱ ክልተ ጥርጡራት ሰባት ግና ኣብ ቀይዲ ንኽኣትዉ፡ ኣብ እዋኑ ዝተገብረ ፈተነ፡ ኣብ ቤቶም ከም ዘይተረኽቡ፡ ናይ ህይስተን ፖሊስ ጸብጻብ ይሕብር። እቶም ጥርጡራት ብ Class A misdemeanor ገበን እዮም ተኸሲሶም። እዚ Class A misdemeanor ናይ ገንዘብን ማእሰርትን ከስዕብ ዝኽእል ገበን እዩ።

ናይ ህይስተን ፖሊስ እኹል መጽናዕቲ ድሕሪ ምክያድ፡ ነቲ ጉዳይ ናብ ቤት ጽሕፈት ናይ ሃሪስ ዲስትሪክት ኣቶርኒ ኣሕሊፍዎ ። እቶም ሰዓብቲ ኢሰያስ፡ ነቲ ዝፈጸምዎ ግጅለኣዊ ዓመጽ፡ “ንሓደ ዓጋመ ሃሪምና ንደገ ደርቢናዮ” እንዳበሉ ጅግንነት ከምዝፈጸሙ ብሓበን፡ ኣብ ህይስተንን ወጻኢን መለኸቶም ይነፍሑ ከምዘይነበሩ፡ ክልተ ካብኦም ብሕጊ ክሕተቱ ምስ ጀመሩ ግና፡ ጭርኦም ክዳጉጉ፡ ዘርባዕባዕ ከብሉን ማዕጸ፡ ማዕጸ እንዳ ኳሕኹሑ ንጠበቓ ዝኸውን ገንዘብ ክልምኑን ተስተውዒሎም እዮም።

እቶም ጥርጡራት፡ ጠበቓ ሒዞም ኣብ ቤት ፍርዲ ኣብ ዝቐረብሉ ፈለማ እዋን፡ እቲ ናይ ሃሪስ ዲስትሪክት ፈራዳይ፡ ፍርዶም ክሳብ ዝወስዱ፡ ንኸይንቀሳቐሱ ፓስፖርቶም ክተሓዝ፡ ንዋሕስ ገንዘብ ከትሕዙ፡ ኣብ ጥቓ ቴድሮስ መንግስቱ ንኸይቀርቡ ወሲንሎም እዩ። እዚ ዝተጠቕሰ፡ ኣስማቶም ኣብ መዝገብ መንግስቲ ብገበን ምዕቃቡን፡ ኣብ ናብርኦም ዘለዎ ኣሉታዊ ሳዕቤንን ንባዕሉ ዓቢ ስንብራት እዩ። ክንቀሳቐሱን ስራሕ ምስ ዝደልዩ ዘለዎ ሳዕቤን ከም ኣብነት ክጥቀስ ይከኣል። ይኹን እምበር፡ ነቲ ኣብ ቅድሚ እዝጊን ህዝቢን ዝፈጸምዎ ዓመጽ ክሒዶም፡ ንዓቃብ ሕጊ ሓስዮም ክዕወቱሲ ያኢ. ሓኹት ይብሉ ኣለዉ።

እቲ ዘገርም ምሕሳዎምን ምኽሓዶምን ጥራይ ኣይኰነን። እንታይ ድኣ፡ ምስቲ ስርዓት ኲይኖም ዝለመድዎ ናይ ምድንጋርን ቅጥፈትን ስራሕ፡ ኣብዚ ጉዳይዚውን ክጥቀምሉ ምፍታኖም እዩ። ኣብዚ ሎሚ ቕነ፡ ንገለ ገለ ሰባት ክታሞም ኣብ ወረቐት ከምዝንብሩ ገይሮም፡ ከም ዘይወዓልናዮ ዝምስክሩ ሰባት ኣለዉና ኢሎም፡ ንዓቃብ ሕጊ ከእምኑ፡ ንሕጊ ከዘንብዑ ከንቱ ፈተነ ሃቂኖም እዮም። እንተኾነ ኣይተዓወቱን። እ'ኳ ድኣ ተወሳኺ ዘሕትቶም ፈጺሞም ኣለዉ። ብናይ ሓሶት ሓበሬታ ምምስርካር፡ ንኻልእ ሰብ ወይ ጉጅለ ህዝቢ ወይ ዓሌት ምጽላምን ምጥቃዕን ዘሕትት እዩ። እዛ ሃገር፡ ይትረፍ፡ ንሓደ ዝሕሱ፡ ዝዕምጽ፡ ዝሰርቕ ወይ ዝቐትል ተራ ሰብ፡ ንዓበይቲ መራሕታውን እንተኾነ ዘይትምሕር ሃገር እያ። ፕረሲደንት ነበር ጂሚ ካርተር ኣብ ሰሙንዚ ኣብ ቤት ፍርዲ ምውዓሉ ህያው ምስክር እዩ። ኣብታ “Palestine: Peace Not Apartheid” ትብል ብ 2006 ዓ.ም. ዘሕተማ መጽሓፉ፡ ኲነ ኢልካ ዝንቡዕ ሓበሬታ ወይ ሓሶት ንህዝቢ ኣመሓላሊፍካ ኢ'ኻ ተባሂሉ ክሳብ $ 5 ሚልዮን ክኽሕስ ተፈሪድዎ ኣሎ። ስለዚ፡ ኣብዛ ሃገር ኣብ ቅድሚ ሕጊ ኣይትጽናሕ እዩ። ንጌጋ ብጌጋ ክድምስሶ ኣይትኽእልን ኢ'ኻ። ክትእርሞን ክትማሃረሉን ጥራይ ኢ'ኻ ትኽእል። ነቲ ገበን ብገበን ምሩጓድ ናይ ዓቕሊ ጸበትን ውድቀትን ምልክት እዩ። ብሕጊ ከኣ ዘሕትት እዩ።

እዛ ሃገር ብሽፍትነት ዘይኰነት ብቕዋም ትመሓደር ሃገር እያ። እዚ ህዝቢ ብስድነት ዘይኰነ ብሕጊን ብስርዓትን ዝነብር ህዝቢ እዩ። ብፍላይ እዞም ስደተኛታት ወይ ወጻእተኛታት ዝኾና፡ ዜጋታት እዛ ሃገር ዘረጋገጽዎ፡ ናይ ምንባር መሰል፡ ሓርነት፡ ሰላምን ፍትሒን... ናፊቕና ኢና ተሰዲድና። Life, Liberty, and the Pursuit of Happiness ብሉጻት ክብርታት ናይዚ ህዝቢ እየን። ንሕልና ብማዕረ ይብጽሓና። ዕለተ ዕለት ከነስተማቕረን ከነስግንን ይግብኣና እዩ። ከምቲ ጽግበረልና ዘሎ፡ ንሕናውን ንኻልኡት ክንገብር ይግብኣና እዩ።

እቶም ምእንቲ ሓቂን ፍትሒን ሰብኣዊ መሰልን፡ ገበነኛታት ሕጋዊ መአረምታ ንኽረኽቡን፡ ነዚ ጉዳይ ከም ናትኩም ርኢኹም ትከታተልዎን ተሰርሕሉን ዘለኹም፡ ውልቀሰባት፡ ማሕበራትን ትካላትን ኩላትኩም፡ ብፍላይ ድማ፡ ንኣቶ ረዘን ሃብተ ካብ ማሕበር ናይ ኤርትራውያን ኣሜሪካውያን ንፍትሒ፡ ዲሞክራሲን ምዕባለን ልዑል ምስጋናን ክብሪን ይብጻሕኩም።

"Peace is not the product of terror or fear. Peace is not the silence of cemeteries. Peace is not the silent result of violent repression. Peace is the generous, tranquil contribution of all to the good of all. Peace is dynamism. Peace is generosity. It is right and it is duty." Oscar Romero.

Oscar Romero

SOLO
CAKES & COOKIES CAFE

ኣዳለውቲ፡ ኪሮስ ዮውሃንስን ቴድሮስ መንግስቱን። ቁ.ስ. 832-455-0540

Email: mnghst_tdrs@yahoo.com

# ኹሉ ብዛዕባ ኤርትራዊ ሃገራዊ ኰሚሽን ንዲሞክራስያዊ ለውጢ

(2ይ'ን ናይ መወዳእታን ክፋል)

*ኣብ ዝሓለፈ ሕታምና፡ ምስ ሓላፊ ክፍሊ ዜናን ሓበሬታን ኤርትራዊ ሃገራዊ ኰሚሽን ኤርትራ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ፡ ኣቶ ዳኒኤል ተወልደ ዘካየድናዮ ቀዳማይ ክፋል ቃለ መጠይቕ ኣቕሪብናልኩም ነይርና። ንሎሚ ድማ ካልኣይን ናይ መወዳእታን ክፋል ሒዝናልኩም ቀሪብና ኣሎና። ንዳኒኤል ኣብ ስርሑ ዓወትን ኣሳልጦን እንዳ ተመነና፡ ስለቲ ዝሃበና ሓበሬታ ብስም ኣንበብቲ ብዙሕ ነመስግኖ።*



***ሰላም፡*** ወዕላ ድሕሪ ምኽያዱ ኣዋርሕ ቈጺሩ ኣሎ። ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ምውጋድ፡ ኣብ ኤርትራ ደሞክራስያዊ ለውጢ ንምቕልጣፍ ወይ ሕብረ ሰልፋዊ ደሞክራስያዊ ስርዓት ንምህናጽ፡ ንዝካየድ ዘሎ ቃልሲ እንታይ ኣበርክቶ ኣለዎ ትብሉ?

***ዳኒኤል***፡ ነቲ ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ብምውጋድ፡ ኣብ ኤርትራ ክህነጽ ትጽቢት ዝግበረሉ ሕብረ ሰልፋዊ ደሞክራስያዊ ስርዓት ተሳትፎን ምውሳእን መላእ ህዝብን ሓይልታት ደሞክራስያዊ ለውጥን ዝሓትት ጉዳይ'ዩ። ከምኡ'ውን ኩሉ ዓቕምታት ሓይልታት ደሞክራስያዊ ለውጢ ብሓደ ኣንፈት ጸረ ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ንምቅናዕ፡ ምክብባርን ምጽውዋርን ዝዓሰሎ ጥጡሕ ባይታ ምንጻፍን ሓሳብ ንሓሳብ ምልውዋጥን ርጡብ ልዝባትን ይጠልብ። ኤርትራዊ ሃገራዊ ወዕላ ንደሞክራሳዊ ለውጢ ሓሳብ ንሓሳብ ድሕሪ ምልውዋጥ፡ ፍልልያት ብምጽባብ፡ ራእይን ሓሳባትን መላእ ህዝብን ሓይልታት ደሞክራስያዊ ለውጥን ናብ ሓደ ሓባራዊ ኣረኣእያን ኣንፈትን ብምጥማር፡ ናይ ኩሉ ዓቕምን ጉልበትን ኣንጻር ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ንምቅናዕ ዝተጋብአ ሰፊሕ መድረኽ'ዩ። ስለዚ ብመንጽር'ዚ ክርአ ከሎ ሃገራዊ ወዕላ ኣብ ኤርትራ ሰፊኑ ዘሎ ምልካዊ ስርዓት ካብ ስሩ ብምምሓው ደሞክራስያዊ ለውጢ ንምቅልጣፍን ንምርግጋጽን ሓደ ስጉምቲ ንቕድሚት ዘታሓትት ኣይኮነን።

***ሰላም፡*** ኣዋጅ ሃገራዊ ወዕላ ንደሞክራሳዊ ለውጢ ንምንታይ ብክልተ ቋንቋታት ትግርኛን ዓረብኛን ዝተፈላለየ ኮይኑ ወጺኡ? ኣየናይ ኣዋጅ'ዩ ኸ እቲ ቅኑዕ ተባሂሉ ክግለጽ ዝኽእል?

***ዳኒኤል፡*** እቲ ኣብ ኣዋጅ ሃገራዊ ወዕላ ንደሞክራሳዊ ለውጢ ብክልተ ቋንቋታት ትግርኛን ዓረብኛን ዝንጸባረቐ ፍልልያት ካብ ታህዋኽን ተክኒካዊ ጉድለትን ዝፈጠሮ ጸገም'ዩ። ጉድለት ከኣ ኣብ ዕለታዊ ምንቅስቓስ ደቂ-ሰባትን ግብራዊ ንጥፈታቶምን ዘንጸባርቕ ልሙድ ተርእዮ ክሳብ ዘኾነ ዘገርም ሓድሽ ክስተትን ኣነዋሪ ተግባርን ጌርካ ክወሰድ ኣይግባእን። ንመጻኢ ከምዚ ዝኣመሰለ ጉድለታት ንከይንደግም ዓቢ ትምህርቲ ክንሓፍሰሉን ንነገራት ብጥንቁቕ ኣገባብ ክንሕዞምን ዝሕግዘና ጥራይ'ዩ ዝኸውን። እንተ እቲ ኣየናይ ኣዋጅ'ዩ ቅኑዕ ንዝብል ሕቶ እቲ ብቋንቋ ትግርኛ ዝተዘርግሐ ኣዋጅ'ዩ ቅኑዕ ዝኸውን።

***ሰላም፡*** ኣዋጅ ሃገራዊ ወዕላ ንደሞክራሳዊ ለውጢ ኣገዳስነቱን እንታይ'ዩ?

***ዳኒኤል፡*** ሃገራዊ ወዕላ ብርግጽ ኣብ ልዕሊ ዝተፈላለዩ ክፍልታት ሕ/ሰብና፡ ብስርዓት ህግደፍ በብደረጅኡ ብዝተፈላለዩ መልክዓት ዝግለጹ ወጽዓታትን ንሃገራዊ ሓድነት ዝህድዱ ተግባራትን ይፍጽሙ ምህላዎም ምርግጋጹ ብጣዕሚ ኣገዳሲ ነጥቢ'ዩ። ነዞም ወጽዓታትን ንሃገራዊ ሓድነት ዝህድዱ ተግባራትን ስርዓት ህግደፍ ብምውጋድ ከኣ ኣብ ትሕቲ ልዕላውነታን ሓድነታን ዝሓለወት ኤርትራ መሰልን ማዕርነትን ዝተፈላለዩ ክፍልታት ሕብረተ-ሰብና ንምርግጋጽ ብሓባር ንምቅላስ ምውሳኑ'ውን ኣብ ሓይልታት ደሞክራስያዊ ለውጢ ከም ሓደ ኣውንታዊ ጌርካ ክወሰድ ይግባእ። ሃገራዊ ወዕላ መዝነቱን ሓላፍነቱን ኣዐርዩ ስለ ዝግንዘብ ከኣ፡ ጽባሕ ህዝባዊ ውሳኔታት ኣብ ዝሓቱ ዓበይቲ ሃገራዊ ጉዳያት ኣትዩ ስልጣን ህዝቢ ኤርትራ ብምትካእ ዝውስነሉ ኩነታት ኣይነበረን።

***ሰላም፡*** ተሓታትነትን ተማእዛዝነትን ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ንመን'ዩ?

***ዳኒኤል፡*** ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ተማእዛዝነቱ ንውሳኔታት ሃገራዊ ወዕላ ንደሞክራሳዊ ለውጢ ኮይኑ ተሓታትነቱ ከኣ ነቲ ብዙሕ ትጽቢት ዝግበረሉ ዘሎ ሃገራዊ ጉባኤ'ዩ። ካብዚ ዝለዓለ መዝነትን ስልጣንን ስለ ዘይብሉ ከኣ ምስ ምግባእ ሃገራዊ ጉባኤ ተሓታትነቱ ዘብቕዕ ይኸውን።

***ሰላም፡*** ተራን ሓላፍነትን ፖሎቲካዊ ሽማግለ ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን እንታይ ይመስል?

***ዳኒኤል፡*** ዕማማት ፖሎቲካዊ ሽማግለ ነቶም ኣገደስቲ ንድፌ ሰነዳት ሃገራዊ ጉባኤ ማለት ፖሎቲካዊ ቻርተር፡ ቅዋም፡ መሰጋገሪ መድረኽ፡ መሪሕ ሓሳብ (Roadmap) ንመጻኢ ዕድል ኤርትራ፡ ንሃገራዊ ሓድነት ዘዕዝዙ ረቛሒታትን ብድሆታቱን ብምክብባር ሓቢርካ ብሰላም ንምንባር ገለ ተመክሮ ሃገራት ንሃገራዊ ዕርቕን……ወዘተ ብምድላው ናብ ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ንምቕራብ'ዩ። ንምድላው እቲ ንድፌ ሰነዳት ዝሕግዙ ካብ መላእ ህዝብን ሓይልታት ደሞክራስያዊ ለውጥን ዝቐርቡ ዝተፈላለዩ ሃነጽቲ ሓሳባት፡ ርእይቶታትን ለበዋታትን ኣብ ግምት ከእቱ ከም ዝግባእ ብመምርሒ ዝተነጸረ ጉዳይ'ዩ። እቲ ብፖሎቲካዊ ሽማግለ ዝቐርብ ንድፌ ሰነዳት ከኣ ብኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ብዕምቆት ድሕሪ ምግምጋም፡ ናይ መወዳእታ መልክዑ ንምትሓዝን ንምጽፋፉን ዝዋሳእ ኣካል'ዩ።

***ሰላም፡*** ኣብ መንጐ ኪዳንን ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽንን ዘሎ ናይ ስርሕ ዝምድና ከመይ ይመስል?

***ዳኒኤል፡*** ኪዳን ነብሱ ዝኸኣለን ብርክት ዝበሉ ውድባት ዝጠመረን ሓደ ሃገራዊ ጽላል'ዩ። ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ድማ ነጻነቱ ዝሓለወን ካብ ኪዳን ዝተፈልየን ኣካል'ዩ። ኣብ መንጎ ኪዳንን ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽንን ዝህሉ ዝምድናታት ከምቲ ምስ መላእ ህዝብን ሓይልታት ደሞክራስያዊ ለውጥን ክህሉ ዝግብኦ ርክባትን ገድላውን ምሕዝነታው ዝምድናታት'ዩ።

***ሰላም፡*** ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ካብ ድሌት

ካብ ገጽ 3 ዝቐጸለ

ኪዳን ወጻኢ ክሰርሕ ዘይኽእል ትካል'ዩ ንዝብሉ ሰባት መልስኩም እንታይ እዩ?

***ዳኒኤል፣*** ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ደንበ ተቓውሞ ብርክት ዝበሉ ፖሎቲካዊ ውድባት ዝሓቆፈ ሓደ ዓቢ ሃገራዊ ጽላል ብምዃኑ፡ ናቱ ልዑል ሚዛንን ክብርን ዘለዎ'ዩ። ኪዳን ሃገራዊ ዋዕላ ብምግባእ ኤርትራውያን ኣብ ሓደ ሓባራዊ መኣዲ ዘተ ዓሲሎም ሕድሕድ ዘተ ከካይዱ ዓቢ ኣበርክቶን እጃምን ዝተጻወተ ጽላል ምዃኑ ክሽሓድ ኣይግባእን። ምስኡ ገድላዊ ምምክኻርን ምትሕግጋዝን ምግባር ዘይተርፍ ባህርያውን ንቡርን መስርሕ ምዃኑ ፍጹም ክዝንጋዕ'ውን የብሉን። ክሳብ'ዚ ዕለት'ዚ ኪዳን ምስ ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ዝገብሮ ዘሎ ልባዊ ምትሕግጋዝ ብቀጻሊ ክንኣድን ክተባብዕን ዝግብኦ ቅዱስ ተግባር'ዩ። ካብዚ ሓሊፉ ግን ክሳብ ሕጂ ኪዳን ንነጻነት ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ብምጥሓስ ፡ ኣብ ውሽጣዊ ኣሰራርሕኡን ውሳኔታቱን ብምትእትታው ተጽዕኖታቱን ጽልዋታቱን ንምዕራፍ ዝገብሮ ጭቡጥ ፈተነታት የልቦን። ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ካብ መላእ ህዝብን ሓይልታት ደሞክራስያዊ ለውጥን ምኽሪ ወይ ምትሕግጋዝ ክጠልብ ባህርያዊ ጉዳይ'ዩ። ብዝኾነ መምዘኒ ግን ምትእትታው ወይ ተጽዕኖታት ዝቕበልን ዘፍቕድን ኣካል ኣይኮነን። ክኸውን'ውን ኣይኽእልን'ዩ። ኣብዚ ክንጸር ዘለዎ፡ ኣብ ሃገራዊ ኮምሽን ካብ ውድባቶም (ኣባላት ኪዳንን ካብ ኪዳን ወጻእን) ዝተወከሉ ባእታታት፡ ልክዕ ከም ኩሎም ኣባላት ኮምሽን፡ ነናቶም ፖሊቲካዊ ዕግበታት ክህልዎም ባህርያዊ እዩ። በበይኑ ድሕረ ባይታን ዕግበታትን እንዳሃለዎም፡ ነቲ ከም ኩሎም ተሳተፍቲ ሃገራዊ ዋዕላ ዝተሰማምዑሉ ራእይን መደባትን ንምዕዋት ግን ብሓባር ይሰርሑ ኣለዉ።

***ሰላም፣*** ራእይ፡ ዕላማታትን ኣቋውማን ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳንን ውድባትን ከም ዘለዎ ምስ ዝቕጽል ኣብ ሃገራዊ ጉባኤን ብድሕሪኡን እንታይ ሓድሽ ነገር ክንጽበ ንኽእል?

## ሓላል ኢንተርናሽናል ስቶር

ኣብ ሓላል ኢንተርናሽናል ስቶር፡ ናይ ጥብሲ ፍትፍት፡ ክትፎ፡ ጥብሲን ድሎትን፡ ብዝተመጣጠነ ዋጋ ኣዳሊናልኩም ከምዘሎና ፈሊጥኩም ዶ ኣለኹም?

ብትእዛዝ፡ ዝተፈላለየ ጸብሒ ነዳሉ ከምዘሎና ኸ ፈሊጥኩም ዶ ኣለኹም?

*መዓስ እዚ ጥራይ፡*

በሉ ኹሉ ግዜ ቀዳመ ሰንበት፡ ምስ ስድራቤትኩም፡ ቤተሰብኩምን፡ ፈተውትኹም መጺኹም ኣገልግሎትና ተሓጎሱ፡ ተደሰቱ።

ካብ ሰዓት 10:00 ናይ ንጉሆ ቁርሲ ቀሪብና ንጽበየኩም ኣሎና።

ጽቡቕ ናይ ቫላንታይን እዋን ይግበረልኩም

***ዳኒኤል፣*** ራእይን ዕላማታትን ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ፍጹም ዘሰክፍ ትሕዝቶ የብሉን። ኣቋውማ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ከኣ ካብ ንቡር ዓለምለኸ ፖሎቲካዊ ርእይቶ ኣሰራርሓ ዝምንጩው ደኣምበር ሓድሽ ተርእዮ ኣይኮነን። ዝተፈላለዩ ፖሎቲካዊ ሓይልታት ኣብ ክሊ ሓደ ሓባራዊ ሃገራዊ ጽላል ክጽልሉ መሰልን ግቡእን'ዩ። ህልውና ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዘይኮነ ከብቕዕ ዘለዎስ፡ ዝተነጻጸለ ህልውና ተመሳስሊ ራእይን መደብ ዕዮን ዘለዎም ውድባት'ዩ። ብካልእ ኣዘራርባ ተመሳሳሊ ራእይን መደብ ዕዮን ዘለዎም ውድባት ተፈላልዮም ክቓለሱ ፍጹም ምኽኑይ ክኸውን ኣይኽእልን'ዩ። ስለዚ እቲ መፈላለዪ ኮይኑ ዝቐርብ ዘሎ ዘይምኽኑይ ነጥብታት ወይ ኣጀንዳታት ዓሚቕ ገምጋምን ፖሎቲካዊ ሕድገታትን ብምግባር፡ ድሌት ህዝቢ ንምምላእ ክሰምሩ ጥራይ ይግባእ። ኪዳን'ውን ብዘይቀልዓለም ንለበዋታት ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራሳዊ ለውጢ ልዑል ግምት ብምሃብ ኩሉ መሳርሒ ትካላቱን ዕዮታቱን ኣብ ሓደ ንምጥማር ብዕቱብ ክሰርሓሉ ይግባእ። ብርግጽ ብንጹህ ሕልና ክንሓስብ ምስ ንኽእልን ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ምስ ዝነፍዕን ዝድንፍዕን ዓቢ ደራኺ ሓይሊ ንሃገራዊ ጉባኤ ኮይኑ፡ ኣብ ምቅልጣፍ ደሞክራስያዊ ለውጢ ዕዙዝ ተራ ክጻወት ይኽእል'ዩ።

***ሰላም፣*** ኣብ ምርጫ ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ናይ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኢድ ምትእትታው ነይሩ ኢሎም ዝዛረቡ ኣለዉ እሞ እንታይ ትብል?

***ዳኒኤል፣*** ኢድ-ምትእትታው መንግስቲ ኢትዮጵያ ከም ዝነበሮ ንዝቐርብ ስክፍታታት መሰረት ዘይብሉ እዩ። እዚ ስክፍታት'ዚ ብቀጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ መንገዲ ካብ ህግደፋዊ ኣተሓሳስባን እምነትን ዝምንጩ እዩ። ኣብ ኤርትራ ዘሎ ኣሰካፊ ኩነታትን እንታይ ከም ዝጠልብን ትማሊ ብድሕሪ ነጻነት ዝተወልዱ ዕሸላት ዝፈልጥዎ መሪር ክውንነት'ዩ። ብወገና ኤርትራ ብስንኪ ጉጉይን ኣዕናውን ፖሊስታት ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ኣብዚ በጺሓቶ ዘላ ሓደገኛ ኩነታት ከይበጽሐት ከላ፡ ኣብ ድሮን ጽባሕን ሃገራዊ ነጻነት ባህግታትና ወይ ትጽቢታት ህዝብና ግቡእ ምላሽ ክረኽቡ ከም ዘይኽእሉ ብምርዳእ፡ ካብ ምቅላስ ወጻኢ ካልእ ቅኑዕ ምርጫ ኣይነበረናን። ኣሸንካይ'ዶ ኣብዚ እዋን'ዚ ብተዛማዲ ኣዘራርባ ዝምድናታት ክልቲኡ መንግስታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ብኣውንታዊ ገጽታ ኣብ ዝግለጸሉ ዝነበረ ህሞት'ውን እንተኾነ ኢድ-ምትእትታው ዘንጸባርቐሉ ክውንነት ኣይተራእየን። ኣብ ኤርትራ ሰፊኑ ዘሎ ዘጕሂ ሃዋሁን ደሞክራስያዊ ለውጢ ንምርግጋጽ ዝሓቶ ከቢድ ጻዕርታትን ነጋሪ መርድእ ወይ ኢድ-ምትእትታው ዘድልዮ ጉዳይ ኣይኮነን።

ብዝኾነ ግን ነዚ ሕቶን ስክፍታታትን'ዚ ቅድሚ ምቅራብ፡ ብቕንዕና ባህሪ ኣዕናዊ ፖሊስታት ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ንኤርትራን ህዝባን ጥራይ ዘይኮነስ፡ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃን ርሑቕ ዓለምን ዘስዓቦ ተደጋጋሚ ዕንወትን ብርሰትን ብግቡእ ከነስተውዕል ይግባእ። ህግደፍ ጽባሕ ምርግጋጽ ሃገራዊ ነጻነት ኣብ ኤርትራ ደሞክራስያዊ መስርሕን ምዕባሌን ህዝብና ምዕጋቱ ጥራይ ከይኣክል፡ ንሰላምን ምርግጋእን ሰናይ ሕውነታዊ ጉርብትናን ኣህዛብ ቀርኒ ኣፍሪቓ ንምዝራግ፡ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ተደጋጋሚ ኣዕናዊ ኲናት ዘካየደን ጌና ካብዚ ተግባር'ዚ ዘይተቆጠበን ስርዓት ምዃኑ ርእሰ ግሉጽ ሓቂ'ዩ። ምስ ማሕበረ ሰብ ዓለም'ውን ብኣውንታ ዝልለ ልዙብ ዝምድናታት ዘይብሉ ስርዓት ምዃኑ ዘታሓትት ኣይኮነን። መንግስቲ ኢትዮጵያ ግዳይ ናይዚ ኣዕናዊ ፖሊስታት'ዚ ክኸውን ተገዲዱ፡ ከም ኩሎም ጎረባብቲ ሃገራት ተራኡ በጺሕዎ ብኲናት ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ምቁዳሱ ፍጹም ዘይሰሓት'ዩ።

ስለዚ ዝምድና መንግስቲ ኢትዮጵያን ሓይልታት ደሞክራስያዊ ለውጢ ኤርትራን ምንጪ ውጽኢት እቲ ጉጉይን ኣዕናውን ፖሊስታት ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ጥራይ ዘይኮነስ ስትራተጂካዊ ታሪኻውን ባህላውን መበገሲ ዘለዎ ኢዩ። እቲ ነባራዊ ወድዓዊ ኩነታት ናይክልቲኡ ህዝብታትን ሃገራት ሓባራዊ ስትራተጂካዊ ረብሓታትን ምክብባርን ግድን ይገብሮ ካብዚ ሓሊፉውን ንሰላምን ምርግጋእን ዞባ ቀርኒ ኣፍሪካ ዘገድስ ኢዩ። ኣብ ኤርትራ ሰላምን ምርግጋእን ምስ ዝሰፍን ንኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪቃን ብኣውንታ ዝጸሉ፡ ብኣንጻሩ ከኣ ኣብ ኢትዮጵያ ሰላምን ምርግጋእን ምስ ዝነግስ፡ ንኤርትራን ዞባናን ዘለዎ ኣውንታዊ ረብሓታት ንምርግጋጽ ዝተፈጥረ ዝምድናታት'ዩ። እዚ ካብ ማንም ሰናይ ዝሓስብ ዜጋን ፖሎቲካዊ ሓይልን ዝተኸወለ ምስጢር ክኸውን ኣይኽእልን'ዩ። ካብዚ ሓሊፉ ካብ ሓይልታት ደሞክራስያዊ ለውጢ ብኤርትራዊ መንነቱ ዘይሕበንን ንሃገራዊ ልዕላውነት ኣሕሊፉ ብምሃብን ንዝኾነ ደጋዊ ምትእትታው ዝቕበልን ዘፍቕድን እንተልዩ ከኣ ብህዝብና ፍጹም ተቐባልነት ስለ ዘይብሉ ከይተበገሰ ከሎ ባዕሉ ምስ ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ማዕረ ማዕረ ንምቕባር ዝሓለነ ፖሎቲካዊ ሓይሊ ጥራይ'ዩ ክኸውን ዝኽእል።

***ሰላም፣*** ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ካብ ኢትዮጵያ ሞራላውን ገንዘባውን ሓገዛት ይረክብ እዩ ንዝበሃል ኸ?

***ዳኒኤል፣*** ኤርትራ ካብቲ ኣትያቶ ዘላ ኣስካሕካሒ ዓዘቕቲ ህግደፍ ወጺኣ ምስ ማ/ሰብ ዓለም ብሰላምን ምክብባርን ትነብር ሃገር ክትኸውን ብቀንዱ ዋኒን መላእ ህዝቢ ኤርትራን ሓይልታት ደሞክራስያዊ ለውጥን ምዃኑ ብዙሕ ዘካትዕ ነጥቢ ኣይኮነን። ይኹን ደኣምበር ማ/ሰብ ዓለም ብሓፈሻ ጎረባብቲ ሃገራት ድማ ብፍላይ ኣብ ሰላማዊትን ደሞክራስያዊትን ኤርትራ

ናብ ገጽ 5 ይቕጽል

ምህናጽ ሞራላዊ ግዴታን ረብሓታትን ከም ዘለዎም ክዝንጋዕ ኣይግባእን። ኢትዮጵያ ከም ኣካል ማ/ሰብ ዓለምን ቀረባ ጎሮቤት ሃገርን ካብ ሰላማዊትን ደሞክራስያዊትን ኤርትራ ትረባሕ፡ ብኣንጻሩ ከኣ ካብ ዘይደሞክራስያዊትን ብኲናት ትነድድን ትጉዳእን ኤርትራ ምኻና ርዱእ'ዩ።

ህዝቢ ኤርትራን መላእ ሓይልታት ደሞክራስያዊ ለውጥን ምስ ማ/ሰብ ዓለም ይኹን ምስ ኢትዮጵያ ዝፈልጥዎን ዝፈጠርዎን ጽልኢ የብሎምን። ከም ዜጋታትን ሓይልታት ደሞክራስያዊ ለውጥን ወግሐ ጸብሐ ደድሕሪ ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ዝፈጥሮ ጽልእን ኲናትን፡ ክንንዓዝ ንግደሉ ብቑዕ ምኽንያት የልቦን። ስለዚ ኤርትራ ካብቲ ተደዊናቶ ዘላ ሕማቕ ምስሊ ንምውጻእን ኣብ ሃገርና ደሞክራስያዊ ስርዓት ንምህናጽን ካብ ማ/ሰብ ዓለምን ጎረባብቲ ሃገራትን ክርከብ ዝኽእል ሓገዛትን ደገፋትን ቅንጣብ ንሃገራዊ ረብሓታትና ዝዳፋእን ዝጸረርን ትሕዝቶ የብሉን። ብተመሳሳሊ ከም ቀረባ ጎረቤት ሃገር ካብ ኢትዮጵያ ክርከብ ዝኽእል ሓገዛትን ደገፋትን ስትራተጂካዊ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ረብሓታቱ ካብቶም ርሑቕ ዘለዉ ሃገራት ከም ዝዓቢ ንኣምን። ብኣንጻሩ ሓይልታት ደሞክራስያዊ ለውጢ ኣብዚ ነዊሕ ዕድመ ቃልስታቶም ግቡእ ኣህጉራዊ ቀላሕታን ተፈላጥነቶምን ኣብ ኢትዮጵያ ጥራይ ተደሪቱ ንከይተርፍ፡ ኣሁጉራውን ዓለም ለኻውን ተፈላጥነትን ሓገዝን ንኪረኽቡ ኪኢዕቱን ነዚ ተጀሚሩ ዘሎ ቃልሲ ከበራትዑን ኣብ ሕጽር ዝበለ ግዜ ዓወት ንክሳለጥን ዓቢ ተራ ክጻወቱ ኣለዎ።

**ሰላም፡** ሃገራዊ ኮምሽን ካብ ህዝቢ፡ ሃነጽቲ ሓሳባት፡ ገንዘባውን ንዋታውን ሓገዛት ካብ ዝተፈላለዩ ኣካላት ንምርካብ ዘካይዶ ንጥፈታት ከመይ ይመስል?

**ዳኒኤል፡** ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራሳዊ ለውጢ ብቀሊል ክውሰድ ዝግብኦ ህዝባዊ ዕማም ኣይኮነን። ነዚ ረዚን ሃገራዊ ዕማም'ዚ ናብ ሽቶኡ ንምብጻሕ ኩሉ መዳያዊ ንጡፍ ተሳትፎን ምውሳእን ህዝብና ይኹን ሓይልታት ደሞክራስያዊ ለውጢ ይሓትት። ነፍሲ ወከፍ ኣብ ደሞክራስያዊ ለውጢ ድሌትን ረብሓን ዘለዎ ዜጋ ብሞራል፡ ሞያኡ፡ ጉልበቱ፡ ገንዘቡን ንዋቱን እጃሙ ከበርክትን ክተሓጋገዝን ሃገራዊ ሓላፍነቱ ስለዝኾነ ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ንጹር መጸዋዕትኡ ኣቕሪቡ ኣሎ። ኩሉ ምንቅታትን ምትሕግጋዝን ሃገራዊ ጉባኤ ብቀዳምነት ካብ ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ኤርትራውያን ዜጋታት ክኸውን ስለዝግባእ፡ ንመዓወቲ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራሳዊ ለውጢ ሰፊሕ ኣስንስ ክገብርን ፍሉይ ሳንዱቕ ክምስርትን'ዩ። ከምኡ'ውን ኣታዊ ሃገራዊ ጉባኤ ንምትልባት፡ ብስነ-ጥበባውያን ኣቢሉ ምሸታዊ ትልሂትን ምዝንጋዕን መድረኽ ወፈያታትን ንምድላው ብመደብ ተታሒዙ ኣሎ። ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ማ/ሰብ ዓለም ብሓፈሻ ጎረባብቲ ሃገራት ከኣ ብፍላይ ሞራላውን ሕልናውን ግዴትኦም ንክየጽኡ መጸዋዕትኡ ብምቕራብ ጥራይ ከይተደረተ፡ ኣብ ሃገርና ሰላምን ራህዋን ንምርግጋጽ፡ ንደሞክራስያዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ክድግፉን ሃገራዊ ጉባኤ ንምዕዋት ኩሉ መዳያዊ ሓገዛት ከበርክቱን ርጡብ ጻዕርታት ከካይድ'ዩ።

**ሰላም፡** ስርዓት ህግደፍ ንሓይልታት ደሞክራስያዊ ለውጢ ብሃገራዊ ክድዓት ክውንጀል ምጽንሑን፡ ሕጂውን ዋዕላ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ምስልሳሉ ብምዝማድ፡ ንዋዕላን ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽንን ደጊሙ ብክድዓት ክከስስን ክውንጀልን ይስማዕ። ነዚ ናይ ህግደፍ ክሲን ውንጅላን ብኸመይ ትርእዮ'ም?

**ዳኒኤል፡** ንሕና ብዝግበረልና ዝነኣስ ብዝዓበየ ናይ ግዳም ሓገዛት፡ ናይ ህዝቢን ሃገርን ጉዳይ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ከነእቱ ኣይንኽእል። ብዝኾነ ግን ነዚ ሕቶ'ዚ ንምምላስ ብርቱዕ ጻዕርታትን ከቢድ ድኻምን ዝሓትት ጉዳይ ክኸውን ኣይኽእልን'ዩ። ስልጣን ህዝቢ ብዓመጽ ብምምንዛዕ ንህዝቢ ብሓለንጊ ኲርማጅ እናገረፍካ ዘይቑርጡው መግለጺታት ምሃብ ሓድሽ ተርእዮ ምልካዊ ስርዓታት ኣይኮነን። መን'ዩ ንመሪር ቃልስን መስዋእትነትን ህዝቢ ኤርትራ ከዲዑ፡ ንሃገርና ኣብ ከቢድ ፖሎቲካዊ፡ ቁጠባውን ማሕበራውን ዓዘቕቲ ሸሚሙዋ ዘሎ?

ኤርትራ ኣብዚ ስልጡንን ምዕቡልን መዋእል'ዚ ብዘይቅዋምን ብግዕዙይ ምሕደራ ክትሳቐ ካብኡ ሓሊፉ'ውን ንብረት ውሑዳት ጉጅለ ወይ ጭፍራ ክትኸውንን ዜጋታት ብኢ-ሰብኣውን ዘይፍትሓውን ተግባራት ኣብ ፍቶዶ ኮንተኔራት ክሳቐዩን ሃላዋቶም ክጠፍእን ዝገብሩ ዘለዉ መራሕቲ ስርዓት ህግደፍ እዮም። መንእሰያት ኣብ ክንዲ ኩሉ መዳያዊ ጣዕምን መቐረትን ነጻነት ዘስተማቕሩ፡ ንዘይረብሑሉ ብስም ምምዕባል ሃገር ኣብ ዘይውዳእ ጊላነት ብምጽማድ፡ ኣገልገልቲ ውሑዳት መኮንናት ህግደፍ ክኾኑ ዝፈርዱ ዘለዉ ኣየኖትን በዓል መንን ምዃኖም ጸሓይ ዘወቐየ ክውንነት'ዩ። ህዝብና ብሓፈሻ መንእሰያት ከኣ ብፍላይ ንዳግማይ ስደት ክውሕዙ ዝግደዱ ዘለዉ ብውጽኢት ጉጉይን ኣዕናውን ፖሊስታት ስርዓት ህግደፍ ድኣምበር፡ ብሰንኪ ሓይልታት ደሞክራስያዊ ለውጢ ዘካይዱዎ ዘለው ፍትሓዊ ቃልሲ ኣይኮነን። እዚ ከምቲ ካብ ባሕሪ ብጭልፋ ከም ዝበሃል ንኣብነት ዘቐረብናዮ ድኣምበር፡ እቲ ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ዝበጽሖ ዘሎ ኣስካሕካሒ ግፍዕታት ብግብሪ ማ/ሰብ ዓለም ዝፈለጦ መሪር ሓቂ ኮይኑ ኣሎ። ስለዚ ኣብ ልዕሊ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ መን ክድዓት ይፍጽም ምህላዉ በዚ ዝቐረበ ጭቡጥ ሓቅታትን በቲ ኣብ ሃገርና ሰፊኑ ዘሎ ክውንነትን ክረጋገጽ ዝኽእል ቀሊል ሕቶ ምዃኑ ምርግጋጽ ይኽኣል'ዩ።

**ሰላም፡** ዕድመን መዝነትን ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ክሳብ መዓስ'ዩ?

**ዳኒኤል፡** ዕድመ ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ምስ ምግባእን ሃገራዊ ጉባኤ ዘብቅዕ ይኸውን። ሃገራዊ ጉባኤ ብድሕሪ ምዝዛሙ ከኣ ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ዝኾነ ይኹን ሓላፍነትን መዝነትን የብሉን።

**ሰላም፡** ተራ መንእሰያትን ብፍላይ ድማ እተን ፍርቂ ኣካል ሕብረተሰብ ዝኾና ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራሳዊ ለውጢ ንኽሳተፋ፡ ኮምሽን ክወስዶም ዝወሰዶም ስጉምታት እንታይ'ዮም?

**ዳኒኤል፡** ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ደቂ-ኣንስትዮ ፍርቂ ሕ/ሰብ ኤርትራ መንእሰያት ድማ ተኻእቲ ወለዶን ውዑይ ናይ ለውጢ ሓይልን ምዃኖም ብጽንዓት ይኣምን። ነዚ መሰረት ብምግባር ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ደቂ-ኣንስትዮን መንእሰያትን ኣብ ሃገራዊ ጉባኤ ብቑዕ ውክልናን ተሳትፎን ንምርካብ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ብምውጋድ፡ ኣብ ኤርትራ ደሞክራስያዊ ለውጢ ንምርግጋጽ ብማሕበራት ደረጃ ተወዲቦም ክቃለሱ የተባብዕ። ብርግጽ ምትብባዕ ሓደ ነገር ኮይኑ፡ ኩሉ መሰላት ብቃልሲ ጥራይ ክጭበጥ ዝኽእል




A and A Motors

TUNE UPS BRAKES C/V JOINTS
COMPUTER DIAGNOSTICS
TRANSMISSION SERVICE
ENGINE REPAIR

Phone: (713) 668-0082
(713) 668-1839

5607 Dashwood
Houston, TX 77081

ደኣምበር፡ ከም ገጹ-በረኸት ዝወሃብ ህያብ ዘይምዃኑ ብዕምቆት ምግንዛብ የድሊ። ስለዝኾነ ተሳተፍ ደቂ-ኣንስትዮን መንእሰያትን ኣብ መስርሕ ደሞክራስያዊ ቃልሲ ክንግምግም ከለና ብኽንድ'ቲ ኣገዳስነቱ ዕዙዝ ዘይምህላው ነስተውዕል። ብዘይተሳተፎ ደቂ-ኣንስትዮን መንእሰያትን ኣብ ኤርትራ ደሞክራስያዊ ለውጢ ክረጋገጽ ስለ ዘይኽእልን ምልኣት ስለ ዘይብሉን በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ኣብቲ ዓዳምን ተዓዳምን ዘይብሉ ቃልሲ እጃሞም ክብ ከብሉ ይጽውዕ።

**ሰላም፡** ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ንምሁራትን ሰብ ሞያን ብኸመይ ከሳትፎም'ዩ?

**ዳኒኤል፡** ኤርትራዊ ሃገራዊ ንደሞክራሳዊ ለውጢ ኮምሽን ኣብ ሓደ ሕ/ሰብ ደሞክራስያዊ ለውጢ ንምርግጋጽ፡ ዓቕምን ክእለትን ምሁራትን ሰብ ሞያን ፍጹም ክስገር ዘይኽእል ዓቢ እጃም ምዃኑ ይኣምን። ስለዝኾነ ተሳትፎ ምሁራትን ሰብ ሞያን ኣብ ሃገራዊ ጉባኤ ኣገዳሲ ምዃኑ ናብ ዋጋ ዕዳጋ ዝኣቱ ጉዳይ ኣይኮነን። ካብዚ ሓሊፉ ምሁራትን ሰብ ሞያን ብዘለዎም ምሁራዊ ዓቕምታትን ክእለታትን ኣብ ኤርትራ ደሞክራስያዊ ለውጢ ንምቅልጣፍ ንኣገዳሲ ሰነዳት ሃገራዊ ጉባኤ ኣብ ምድላውን ምህብታምን ኣብ ምንዳፍ መሰጋገሪ ቅዋም፡ ፖሎቲካዊ ቻርተር፡ ሕገ-ህንጻ ሃገራዊ ባይቶን መሪሕ ሓሳብ (Roadmap) ንመጻኢት ኤርትራን ብግብሪ ክዋስኡ ክገብር'ዩ። ከምኡ'ውን ሃገራዊ ጉባኤ ናብ ሸቶኡ ንምብጻሕን ንቅሓት ህዝብና ክብ ንምባልን ብመንገዲ መጽናዕታዊ ጽሑፋት፡ ሲይምፖዚየማት፡ ኮንፈረንሳት፡ ምሁራውን ክኢላውን ዓቕሞም ወይ ሓሳባቶም ከቕርቡን ዘይነዓቕ እጃሞም ክጻወቱን ኣፍደገ ክኸፍት'ዩ።

**ሰላም፡** በዚ ሕጂ ሰፊኑ ዘሎ ኩነታት፡ ዕድል ኤርትራ እንታይ ክኸውን'ዩ ትብሉ?

**ዳኒኤል፡** በዚ ሕጂ ዘሎ ኩነታት ዕድል ኤርትራ ብጣዕሚ ናብ ኣሰካፍን ሓደገኛን ኩነታት ይምዕብል ምህላዉ ምስጢር ኣይኮነን። ህግደፍ ንኩሉ ቃልስታትን መስዋእትነትን ህዝቢ ኤርትራ ጠሊሙ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ብድሕሪ ምትካሉን ኣብ ኤርትራ መስርሕ ደሞክራስያዊ ለውጢ ምስ ዓገተን ህዝብና ንእዝዩ መሪር ዝኾነ ፖሎቲካውን ቁጠባውን ማሕበራውን ዓዘቕቲ ተፈሪዱ ይርከብ። ብውጽኢት እቲ ጉጉይን ኣዕናውን ፖሊሲታት ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ህዝብና ብሓፈሻ፡ ብኣሸሓት ዝቁጸሩ መንእሰያት ኤርትራ ድማ ብፍላይ ሃገሮም ራሕሪሖም ዳግማይ ናብ ስደት ዝውሕዝሉ ኩነታት ነጊሱ ምህላው ካብ ማንም ንሃገሩን ህዝቡን ዝፈቱ ዜጋ ዝተኸወለ ኣይኮነን። መተካእታ ሓድሽ ወለዶን ውዑይ ናይ ለውጢ ሓይሊ መንእሰይን እናሰኣነት ትጎዓዝ ዘላ ኤርትራ መጻኢ ዕድላ ኣዝዩ ኣብ ኣሰካፍን ሓደገኛን ኩነታት ምህላው ጥራሕ'ዩ ዘመላኽት። ብዘይቃል ኢጋንኖ እቲ መሪር ሓቂ እዚ ክንሱ ኤርትራ ኣብ ጥዑይ ሃዋሁን ጎደና ምዕባሌን ትምርሽ ምህላዋ ዝገልጹ ኤርትራውያን ይኹኑ ወጻእተኛታት ካብ ውድዕነት ኣዝዮም ርሑቕ ምህላዎም ጥራይ ክንመዝን ንግደድ።

**ሰላም፡** ህዝቢ ኤርትራ ኣብዚ ህሞት'ዚ እንታይ ክገብር ኣለዎ ትብሉ?

**ዳኒኤል፡** ህዝቢ ኤርትራ ብዝተፈላለዩ ተበራረይቲ ባዕዳዊ መግዛእትታት ፍጹም ከይተዳህለን ከይተሓለለን ንዓለም ዘደነቐ ጅግንነታዊ ቅያታት ሰሪሑ ሃገራዊ ነጻነቱ ዝዓተረ ህዝቢ ምዃኑ ታሪኽ ዝምስክሮ ሓቂ እዩ።ኮይኑ ግን ኣብ ሕልንኡን ቀልቡን ዘይነበረ በቲ ኣብ ቦኽሪ ሃገራዊ ነጻነቱ ፖሎቲካዊ ስልጣን ዝጨበጠ ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ተጠሊሙ፡ ኩሉ መስርሕ ዕብየቱን ምዕባሌኡን ተዓጊቱ፡ ካብ ጎረባብቱን ማሕበረ ሰብ ዓለምን ተነጺሉ ዝነብረሉ ኩነታት ምህላዉ ዘተሓታትት ተርእዮ ኣይኮነን።

ሕጂ'ውን እንተኾነ ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ መንእሰያት ከኣ ብፍላይ፡ ነቲ ኣብ ሃገርና ዘሎ ኩነታት ንምቅያርን ሓድነታ ዘውሓሰት ደሞክራስያዊት ኤርትራ ንምህናጽን ካብ ቃልሲ ወጻኢ ካልእ ቅኑዕ ምርጫ ፍጹም ክህልዎም ኣይኽእልን'ዩ። ምኽንያቱ ድማ ኣብ ኤርትራ ክመጽእ ትጽቢት ዝግበረሉ ደሞክራስያዊ ለውጢ ብንኖት ስለ ዘይረጋገጽን ስደት'ውን ዘላቒ መፍትሒ ክኸውን ስለ ዘይኽእልን ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ንምውጋድ፡ ታሪኻዊ ጅግንነታዊ ቅያታቶም ክደግሙ ጥራይ'ዩ ዝህልዎም። ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ኤርትራ ደሞክራስያዊ ለውጢ ንምቅልጣፍን ሃገራዊ ጉባኤ ንምዕዋትን ኣብ ጎኒ ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ክሰለፉን ኩሉ መዳያዊ ሓገዛቶም ከበርክቱን ከኣ ይግባእ።

**ሰላም፡** ሕቶ…ኣብዚ እዋን ተቃወምቲ ውድባት፡ እንታይ ክገብሩ ኣለዎም ትብሉ?

**ዳኒኤል፡** ኣብዚ እዋን'ዚ ዕዮን ዕማምን መላእ ሓይልታት ደሞክራስያዊ ለውጢ ብጣዕሚ ብዙሕ'ዩ። ብቀዳምነት ካብ ድሕነት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ወጻኢ ክሓስቡን ክዋስኡን ኣይግባእን። ውድባት ዝተሓንገጥዎ ፖሎቲካዊ መደብ ዕዮን ራእይን ዋላ'ውን ብኽንድ'ቲ ቅዱስ መጽሓፍቲ ክግለጽ እንተተፈቲኑ፡ ኣብ ዘይህላወ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ተግባራውነቱ ክረጋገጽ ከም ዘይኽእል ክርድኡ ይጥለቦ። ቀዳምነታት ክሰርዑ፡ ካብ ጸቢብ ውድባዊ ክብርታትን ረብሓታትን ብምንጋፍ፡ መድረኻዊ ዕማምን ብድሕሪ ውድቀት ስርዓት ህግደፍ ብህዝቢ ውሳኔ ክረጋገጽ ዝግብኦ ዕላማታትን ኣነጺሮም ክቓለሱ ይጥለቡ።

ምስ ዓለማዊ ርእይቶን ዘመናዊ ኣተሓሳስባን ብምጥዕዓም፡ ንሓድሽ ወለዶ ዝግበር ምትኽኻእ ፖሎቲካዊ ስልጣን ካብ ተመክሮ ርሑቕ ዓለም ጥራይ ዘይኮነስ፡ ብቀረባ ካብ ከባቢኦም ክጽልዉን ክመሃሩን ድልውነት ከረጋግጹ ይግባእ። ከምኡ'ውን ውድባት ብግቡእ ነብሰም ክፍትሹን ምእንቲ ድሕነት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ብዘይቀለዓለም ህልኽ ብምውጋድ፡ ብዘይካ ሃግራዊ የልቦን ብዘይካ ኣኣ ዝበልኩዎ ኸኣ ካልእ ንህገርን ህዝብን ዝጠቅም የለን ካብ ዝብል ኣተሓሳስባታት ክናገፉ ይግብኦን፡ ፖሎቲካዊ ሕድገታት ክገብሩን ተመሳሳሊ ራእይን መደብ ዕዮን ዘለዎም ብዘይውዓል ሕደር ልባዊን ግብራዊን ሓድነት ከረጋግጹን ይግብኦም ይብል። ሃገራዊ ጉባኤ ንምዕዋት፡ ምስ ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ብረዚን ሃገራዊ ሓላፍነትን ብኩሉ ዓቕሞም ክተሓባበሩን ይላቦ።

**ሰላም፡** ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ካብ ሃገራዊ ጉባኤ እንታይ ዓይነት ውጽኢት ይጽበ?

**ዳኒኤል፡** ሃገራዊ ጉባኤ እንተወሓደ ክልተ ዓበይቲ ስትራተጂካዊ ዕማማት ንምንጻርን ነዞም ክልተ ዓበይቲ ዕማማት ብልሙጽ መንገዲ ክካየዱን ክሓልፉን ንጹር ራእይ ንክህልወና ዝሕግዝ ምዃኑ ንኣምን። ቀዳማይ ስትራተጂካዊ ዕማም ኢድ ንኢድ ተተሓሒዝና ነዚ ኣብ ቅድሜና ተገቲሩ ዘሎ ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ዕንወቱ ንምቅልጣፍን ምውጋድን ክኸውን'ዩ። እቲ ካልኣይ ካብኡ ዘይፍለ ስትራተጂ ከኣ ብድሕሪ ውድቀት ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ዝምስረት ግዝያዊ መሰጋገሪ መንግስቲ ብኣዝዩ ሰላማውን ደሞክራስያውን መንገዲ ንክምስረት ብቁዕ ኣረኣእያን ውደባን ኣጥሪና ንክንጽንዕ ዝሕግዝና እማመታት ምቕራብ'ዩ። ብርግጽ ካብዚ ንላዕሊ ክንገብር መንፈዓትና ጥራይ ይሓትት።

**ሰላም፡** ኣብ መወዳእታ ትብሎ ነገር እንተ ኣሎ ?

**ዳኒኤል፡** ፖለቲካዊ ውድባትን በርጌሳዊ ማሕበራትን ካብ ጸቢብ ውድባዊ ወይ ማሕበራዊ ራእይን ስምዒታትን ብምውጻእ፡ ንርሑቕ ሃገራዊ ስትራተጂካዊ ረብሓታት ክጥምቱ ምስ ዝኽእሉን እቲ ኣብ ሃገራዊ ጉባኤ ዝረጋገጽ ዓወታት ብኡ መጠን ምስ ዝመዘንን ብጣዕሚ ሃብታም ኣተሓሳስባ'ዩ። ስለዝኾነ ድማ ውልቐ ውድባዊ ራእይ ስለ ዘይተዓወተ ከም ዓቢ ክሳራ፡ ብኣንጻሩ ከኣ ውልቐ ውድባዊ ራእይ ብምዕዋቱ ድማ ገዚፍ ዓወት ጌርካ ምቁጻር ክተርፍ ኣለዎ። ድሕነት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ቅድሚ ኩሉ ብምስራዕ፡ ካብ መንጋጋ እዚ ጨካን ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ክናግፍ ዝኽእል ፖሎቲካዊ ውሳኔታት ወይ ስምምዓት ክንውስንን ንዕኡ ተማእዚዝና ክንቅጽል ድልውነትና ክነረጋግጽ ይግብኣና። ሽዑ ኢና ሃገራዊ ጉባኤ ሸቶኡ ሃሪሙ ክንብል ንኽእል። ውልቐ ውድባዊ ዕላማታትና ድሕሪ ስርዓት ኢሰያስ ነርኽበሉ ኢና። ሎሚ ነቲ ንህዝብን ሃገርን ኤርትራ ንምጥፋእ ተዓጢቑ ዘሎ ስርዓት ንምእላይ፡ ሰብኣዊ ቁጠባዊን ንዋታዊን ትሕዝቶ ኣወሃሂድና ብግብሪ ክንሰርሕ ይላቦ።

የቐንየልና!